Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ኣብ መጸንበሪ ትምህርቲ ኮርስ ንዝሳተፉ ዝተቀረበ፣ ብዛዕባ ብዓንቀጽ 13፣ 14 ናይ ዳታ ሓለዋ መሰረታዊ ስርዓት (DSGVO) መሰረት ናይ ዳታ ኣገባብ ዝገልጽ ጽሑፍ ሓበሬታ

ናይ መጸንበሪ ትምህርቲ ኮርስ ብፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ስደተኛታትን እዩ ዝዳሎን ዝትግበርን፣ ነዚ ንምትግባር ትምህርቲ ንዝህቡ ብሕታዊያንን መንግስታዊያን ትካላት ይጥቀም፣ § 43 እዝባር 3 ዓረፍተ ነገር 2 መንበሪ ሕጊ።

ነዚ ሓላፍነት ንምትግባር ተባሂሉ ውልቃዊ ዝኾነ ዳታኹም በዞም ዝቕጽሉ ኣካላት ይምዝገብን ኣብ ኣገባብ ድማ ይኣትውን እዩ:

- ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ነዘን ዝስዕባ ዕላማታት ኣድለይቲ ዝኾና ናትኩም ውልቃዊ ዳታታት መዝጊቡ የቐምጥ:
    - ኣብ ሓደ ትምህርቲ ምጽንባር ንኽትሳተፉ ክፈቕድ ከሎ (§ 5 እዝባር 1 መምርሒ ምጽንባር) ከምኡውን ንተበዝሐ ክሳብ 300 እዋናት ትምህርቲ ኮርስ ቋንቋ ንምድጋም ክፈቕድ ከሎ (§ 5 እዝባር 5 መምርሒ ምጽንባር)
    - ንትምህርቲ ምጽንባር ካብ ዝኸፈል ክፍሊት ነጻ ክገብር ከሎ (§ 9 እዝባር 2 መምርሒ ምጽንባር)
    - ንመጎዓዚ ዋጋ ደገፍ ክፍቀድ ከሎ (§ 4a እዝባር 1 መምርሒ ምጽንባር)
    - ካብቲ ንትምህርቲ ምጽንባር ዝኸፈል 50% ክመልስ ከሎ (§ 9 እዝባር 6 መምርሒ ምጽንባር)
- ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት፣ ንደለይቲ ስራሕ መሰረታዊ መነባበሪ ዝኸፍሉ፣ ብሕጊ ንኣመልከትቲ ዑቕባ ዝወሃብ ሓገዝ መሰረት ዝኸፍሉ ወይ ድማ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር እስኹም ኣብ ትምህርቲ ንኽትሳተፉ ፍቓድ ክህቡ ወይ ድማ ከገድዱ ከለዉ፣ እዚኦም ቤት ጽሕፈታት ናትኩም ውልቃዊ ዳታታት ንፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ይሰዱ፣ ብፍላይ ድማ ነተን ንምስታፍ ፍቓድ መረጋገጺ ዝኮና ዳታን ንፈተናን ምምዝጋብን ዝተሓላለፉ ዳታታትን ይልእኩ። እዚኤን ዳታታት ናብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ዝተሓላለፉ ብፍላይ ንክፍሊትን ምትግባርን ትምህርቲ ምጽንባር ኣድለይቲ ምስ ዝኾና እዩ (§ 88a እዝባር 1 ዓረፍተ ነገር 1 መንበሪ ሕጊ)።
- ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ንዓኹም ብ § 7 እዝባር 3 ወይ ብ 5 መምርሒ ምጽንባር መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ኣብ ትምህርቲ ንኽትፋተፉ ናብ ሓደ ትምህርቲ ዝህብ ትካል እንተ መደበ ወይ ድማ ናብ ሓደ ትምህርቲ ዝህብ ትካል እንተ ለኣኸ፣ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ነዚ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ሓበሬታ ይህብ እዩ ከምኡውን (ንዓኹም ዝምልከት እንተኾይኑ) እስኹም ኣብ ትምህርቲ ንኽትሳተፉ ንዘገደደ ኣካል ሓበሬታ ይህቡ።
- ነቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ብግቡኡ ከም ትኪታተሉ ንምርግጋጽ፣ ነቲ ትምህርቲ ብዓወት ወይ ድማ ብዘይ ዓወት ከም ተሳተፉኩም ዝገልጽ ወረቐት ምስክር ንምሕታም ከድሊ ከሎ ወይ ድማ ክፍሊትን ምትግባርን ናይዚ ትምህርቲ ምጽንባር ኣገዳሲ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ንፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት፣ ንትምህርቲ ምጽንባር ከም ዝተመዝገብኩምን ከም ትሳተፉን ዝገልጽ ዳታታት ይሰድድ (§ 88a እዝባር 1 ዓረፍተ ነገር 1 መንበሪ ሕጊ)።
- ብ § 4 a እዝባር 2 መምርሒ ምጽንባር መሰረት ንትምህርቲ ምጽንባር ዘሰኒ ምእላይ ቆልዑ ትጥቀሙ እንተኹንኩም፣ እቲ ዝኣሊ ትካል ናይ እቶም ዝእለዩ ቆልዑ ሽም፣ መጸውዒ ሽምን

KNr. 630.154a Tigrinya BAMF 01/2020

ዕለት ልደትን ይምዝግብ እዩ። እቲ ትምህርቲ ዝሀብ ትካል ነዚ ዝምዝግብ፣ ካብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ስደተኛታትን ንኸፍቅድን ንኽፍሊትን ከገልግሎ ደልዩ እዩ።

- ኣብ ትምህርቲ ምጽንባር ንክትምሃሩ ዝተገደድኩም እንተ ኾንኩም እሞ ግቡኡ ሓሊኹም ነቲ ትምህርቲ ምጽንባር ዘይትከታተሉ እንተ ኾንኩም፣ እቲ ትምህርቲ ዝሀብ ትካል ነቲ/ቶም ኣብዚ ትምህርቲ ንኽትሳተፉ ዘገደደ/ዱ ኣካላ/ላት ሓበሬታ ይህብ (§ 88a እዝባር 1 ዓረፍተ ነገር 2 መንበሪ ሕጊ)።
- እቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት፣ ንደለይቲ ስራሕ መሰረታዊ መነባበሪ ዝኸፍሉ፣ ብሕጊ ንኣመልከትቲ ዑቕባ ዝወሃብ ሓገዝ መሰረት ዝኸፍሉ መመልከቲ ከቕርቡ ከለዉ፣ ብፍላይ ድማ እቲ ዘመልከትዎ ምጅማር ትምህርቲ ንምፍቃድ ወይ ድማ ንምግዳድ፣ ናይ ምስታፍ ግዴታ ከም ዝተማልኤ ንምቁጽጻር ከምኡ ድማ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንምንዋሕ ዝቐረበ እንተ ኾይኑ፣ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ነቲ ውልቃዊ ዳታታት ነዚኣቶም ኣካላት ይሰድድ እዩ (§ 88a እዝባር 1 ዓረፍተ ነገር 3 መንበሪ ሕጊ)።

እቲ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ነቲ ባዕሉ ዝመዝገቦን ካብ ካልኦት ኣካላት ዝተቐበሎምን ውልቃዊ ዝኾነ ዳታታት ንምሕላውን ዋሕስነትን ሓላፍነት ኣለዎ።

ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኣድራሻ:

Bundesamt für Migration und Flüchtlinge

Frankenstraße 210

90461 Nürnberg

ብፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ዳታታት ንምሕላው ሓላፍነት ዘለዎ ክፍሊ ኣድራሻ:

Bundesamt für Migration und Flüchtlinge

- Behördlicher Datenschutzbeauftragter -

Frankenstraße 210

90461 Nürnberg

ሽምኩም፣ ሽም ኣቦኹምን ዕለት ልደትኩምን እንተደንጎየ ነቲ ትምህርቲ ምጽንባር ካብ ዝፈጸምኩምሉ እዋን ጀሚሩ ድሕሪ ዓሰርተ፣ እቲ ዝተረፈ ውልቃዊ ዳታታትኩም ድማ እንተደንጎየ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ይድምሰስ  እዩ (§ 8 እዝባር 6 መምርሒ ምጽንባር)

በቲ ውልቃዊ ዳታታት ዝካየድ ኣገባብ፣ ነቲ ሓለዋ ዘድልዮ ድልየትኩም ወይ ድማ ድልየት ካልእ ውልቀሰብ ዝዓግት ከም ዝኾነ ከተእምኑ እንተ ኽኢልኩም፣ ኣገባብ ውልቃዊ ዳታታትኩም ብዝተገደበ ኩነታት ንኽካየድ፣ ናብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕርዚ በቲ ውልቃዊ ዳታታትኩም ዝካየድ ኣገባብ፣ ድልየት መንግስቲ ነዚ ኣገባብ ንኽግበር ዝለዓለ ሚዛን ክህልዎ ከሎ ጥራሕ እዩ። ካብኡ ሓሊፍኩም እውን ብዛዕባ ውልቃዊ ዳታታት ዝምለከት ሓበሬታ ንምሕታትን ንምእራምን መሰል ኣለኩም ከምኡውን በቲ ውልቃዊ ዳታታትኩም ዘይግቡእ ኣገባብ ዝተኻየደ እንተ ኾይኑ፣ ንኽተደምስሱ መሰል ኣለኩም።

ኣብ ልዕሊኡ እውን ዳታታት ንምሕላው ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ተቖጻጻሪ ቤት ጽሕፈት ኣቤቱታ ከተቕርቡ መሰል ኣለኩም:

Bundesbeauftragte für den Datenschutz und die Informationsfreiheit

Husarenstraße 30

53117 Bonn